Eritrea-Watch
For Human Rights and Democracy
4313 Möhlin,
Switzerland

ኤርትራዊ ሓለዋ ንሰብኣዊ መሰልን ደሞክራስን

# ጋዜጣዊ መግለጺ

ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ኲናት ደበና የንጸላሉ ምህላዉ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ይግለጽ ኣሎ።

ናይ ኢትዮጵያ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቶ መለስ ዜናዊ ኣብ ዘካየድዎ ቓለ መጠይቕ፡ ስርዓት ኤርትራ ፖሊሲኡ ክቕይር ወይ እቲ ስርዓት ክቕየር ኣለዎ ኢሎም። ኣስዒቦም ስርዓት ኤርትራ ናይ ዞባና ህውከት ከቓርጹ ከምዘይከኣሉ ብሓፈሻ፡ ሰላም ናይ ኢትዮጵያ ድማ ኣብ ምዝራግ ይቕጽል ከምዘሎ ብምግላጽ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝነበሮ ናይ ልኡም ምክልኻል/ Passive/ ናብ ንጡፍ /Active/ ምክልኻል ፖሊሲ ተሰጋጊሩ፡ ንስርዓት ኤርትራ ንምቕያር፡ ኩሉ ዓይነት ኣገባብ ማለት፡ ዲፕሎማሲያዊ ጸጥታዊ ወትሃደራዊ ከጠቓልል ከምዝኽእል ገሊጾም።

ብምክትል ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቶ ሃይለማርያም ደሳለኝ፡ ኣቶ ዲና መፍቱ፡ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ዶክተር ተቐዳ ኣለሙ ነቲ ናይ ኣቶ መለስ ዜናዊ ዘራጉድ ዝርዝርራዊ መግለጽታት ሂቦም። እቲ ሓበሬታ ብተውሳኺ ከምዘርጋግጾ ባጀት ምክልኻል ኢትዮጵያ ከምዝወሰኸ፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ዶብ ሓይልታቱ ከምዝደረበ ይሕበር ኣሎ።

ስርዓት ኤርትራ ልዕልና ሕጊ ኣፍሪሱ ብዘይ ህዝባዊ ምርጫ ካብ ኣብ ስልጣን ከብ ዝመጽእ ብፍላይ ካብ ግዚያዊ መንግስት ን ኣርባዕተ ዓመታት ኢሉ ካብ ዝእውጅ ኣብ 1997 ከም ቓሉ ህዝባዊ ምርጫ ኣየካየደን። መሰል ሰልፍታት ተቓውሞ ኣየፍቀደን። ኩሉ ዓይነት መሰላት ግሂሱ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ክብርታቱን ዘውርዶ ዘሎ ግፍዒ ንኩሉ ስውር ኣይኮነን። ንሰላምን ምርግጋእን ዞባና ይዘርግ ስለዘሎ፡ ኣብ ታሕሳስ 2009 ኣብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ካብ 15 ብ13 ሃገራት ዝተደገፈ ብውሳኔ 1907 ዝፍለጥ ኣብ ልዐዕሊ ሰበስላጣንት ኤርትራ ናይ መገሻ ምእጋድ ንብረቶም ምድስካል ኣጽዋር ከይሰጋገር ምእጋድ ተወሲኑ። ኣብ ዶብ ድማ ሰራዊት ይእከብ ከምዘሎ ይፍለጥ።

ኤ ሓ ሰ መ ደ E W H R D ነዚ ሓደገኛ ኩነታት ኣገናዚቡ

- ኣብ ሞንጎ ክልቲን ሃገራት ዝተኻየደ ናይ 30 ዓመት ኩናት ዘኸተሎ ዕንወት ሰብ ሃብቲ ሃገራት ስምብራቱ ከቢድ ከምዝነበረ ኣብ ግምት ብምእታው።
- ካብ 1998- 2000 ዝተኻየደ ውግእ ዘውረዶ ተወሳኺ ዕንወት ብምዝካር፡
- ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ዓለም፡ ንዕወት ህልቂት ክልቲን ሃገራት መዕለቢ ክግበረሉ፡ ብሰላማውን ሕጋውን ኣገባብ ዝተግብረ ዝምስገን ጻዕሪ፡ ብናይ ክልቲን ሃገራት ድሌት ብውሳኔ ሄግ ሕጋዊ መዕለቢ ከምዝተገብረሉ፡ እንተኾነ ኣብ ኣፈጻጽምኡ ዝተፈጥሩ ዘይምርዳድእ ነቲ ግብራዊ ስጉምቲ ከምዝዓገቶ ብምግንዛብ።
- ብክልቲን መንግስታት ናብ ኩናት ዘምርሕ ኣገባብ ከምዘሎ ብምስትብሃል።
- ኣብ ሞንጎ ክልቲኡ ህዝብታት ኣቐዲሙ ዝተፈጥረ ናይ ኩናት በሰላ ኣብ ክንዲ ምሕዋይ፡ ዳግማይ ኩናት ኣህዛብ እንተተፈጢሩ፡ ዞባን ዘሎ ዘይምርግጋእ ዝያዳ ህውከት ዘርጋግጽ እንተዘይኮይኑ ሰላም

ስለዘይፈጥር፡ ብተወሳኺ ንክልቲኡ ኣህዋት ጎረባብቲ ንሓዋሩ ዝፈጥሮ ዘይምትእምማን፡ ኣብ መጻኢ ወሎዶታት ዝፈጥሮ ስምብራት ኣዕናዊ ብታሪኽ ዘውቕሰና ምኻኑ ብምርዳእ።

**ኤርትራዊ ሓለዋ ንሰብኣዊ መሰልን ደሞክራስን EWHRD ዘቕርቦ ጻውዒት**

1- ምልካዊ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዘውርዶ ዘሎ ግፍዒ ንምቕላስ፡ ንስርዓት ናብ ደሞክራሲያውን ሕጋውን ምቕያር፡ ዋና ህዝቢ ኤትራ ስለዝኾነ ብቐዳምነት ንኤርትራውያን ይምልከት።
   - ኣብ ውሽጢ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሰራዊት ኤርትራ ብምትሕብባር ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ድምጾም ከስምዑ፡ ህዝባዊ ምልዕዓል ክገብሩ ይጽውዕ።
   - ተቓውሞ ደምበ፡ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ሲቪክ ሰብኣዊ መሰል ማሕበራት፡ ነዚ ሃገራውን ታሪኻውን ሓላፍነት ኣብ ምፍጻም ድምጺ ተቓውሞ ኣስሚሩ መሪሕ ተራ ክጻወት ይጽውዕ።
   - ኣብ ወጻኢ ንርከብ ኤርትራውያን ደለይቲ ለውጢ ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ብፍላይ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ዝካየድ ቓልሲ እዋናዊ ጠለብ ስለዝኾነ ጉቡእ ሃገራውን ታሪኻውን ሓላፍነት ክንስከም ይጽውዕ።

2- ክልቴን ሃገራት ንኲናት ዝዕድም ፕሮፖጋንዳ ይኹን ወትሃደራዊ ምንቅስቓስ ከቓርጻ ይጽውዕ።

3- ክልቴን ሃገራት ኣብ ዶብ ንኣሽቱ ግርጭት ወይ ምቕትታል ከጋጥም ስለዝኽእል፡ ከም ምኽንያት ወይ ሰበብ ከይቐርብ ናብ ዘየድሊ መኣዝን ከየምርሕ፡ ብሰላማውን ሓላፍነታውን ኣገባብ ክፈትሕኦ ይጽውዕ።

4- ኲናት መፍትሒ ሽግር ስለዘይኮነ፡ ብሰላማውን ሕጋውን ኣገባብ ክፍታሕ ክልቲኦም መንግስታት ብኣህጉራዊ ሕጊ መስል ልኡላውነት ክቕየዱ ድሌዋት ምኻኖም ብግብሪ ከረጋግጹ ሰላም ዘውሕስ ኣገባብ ክኽተሉ ይጽውዕ።

5- ኣፍሪቓዊ ሕብረት፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ዓረብ ሊግ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ካናዳ ኣውስትራሊያ ካልኦት ሃገራት ዓለምና፡ ናይ 1998-2000 ዓ.ም ዝተኻየደ ኲናት ዘኸተሎ ዕንወት ስለትግንዘቡዎ፡ ቕድሚ ኲናት ብዘተ ክፍታሕ፡ ክልቴኦም መንግስታት ብሰላማውን ሕጋውን ኣገባብ ክፍታሕ ዲፕሎማሲያዊ ጻዕሪ ክካየድ፡ ብናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣህጉራዊ ሕጊ ጸቕጢ ክግበር፡ ማሕበረ ሰብ ዓለም ኣህጉራዊ ሓላፍነቱ ከረጋግጽ ይጽውዕ።

6- ኣህጉራዊ ትካላት ሰብኣዊ መሰላት፡ ደለይቲ ሰላም ዝኾኑ ዝተፈላለየ ትካላት ዓለምና፡ ኣገደስቲ ውልቐሰባት፡ ብክልቴን ሃገራት ዝርኤ ዘሎ ንዳግማይ ኲናት ከይኣትዋ ኲሉ ዘድሊ ዲፕሎማሲያውን ሕጋውን ጸቕጢ ክገብሩ ይጽውዕ።

7- ኲሉ ኤርትራዊ ኢትዮጵያዊ ደላይ ሰላም፡ ክልቲኡ ኣሕዋትን ጎረባብትን ህዝብታት ብሰላም ክነብር፡ ናብ ኲናት ከየምርሕ ጸቕጥታት ክንገብር ይጽውዕ።

lundi, avril 04, 2011

---

e-mail: ewhrd@yahoo.com

Eritrea-Watch For Human Rights and Democracy

website: ewhrd.org
Eritrea-Watch For Human Rights and Democracy
Postfach 90
4313 Möhlin,
Switzerland
e-mail: ewhrd@yahoo.com